# ንሽግራትና ነጽናዓዮ እሞ
# መፍትሒ ንርከበሉ።

ክቡራት ህዝቢ ኤርትራ ብቐዳምነት ልባዊ ሰላምታይ ተቐበሉ ተቓሊስካ ክትበጽሖ ዘለካ እንተፈሊጥካን፣ ንጹር መገዲ እንተ ሒዝካን ከም ትዕወት ፍሉጥ ኢዩ፣ ሽግርና መወዳእታ ንኽርከቦ እምብኣር ንጹር መገዲ ቃልሲ ክንድህስስ ይግባእ።

መሰረታዊ ሽግርና ቃልሲ ክጅመር ከሎ፣ ገለ ዝጎደሎ ውሕልነት ከም ዝነበሮ ይፍለጥ ኢዩ፣ ንሓደ ቃልሲ ካኣ ክነውሕን ውጽኢቱ ጥዑይ ፍረ ንኽይህልዎን ዝገብር እቲ ኣጀማምርኡ ዘይምጥዓይን ኣብ ኣካይድኡ ጥዑይ ምሕደራ ዘይምህላውን ኢዩ።

ከምኡ ስለዝኾነ ካኣ እነህለ እቲ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ብዝለዓለ ንያትን ተወፋይነትን ተሰዊኡን ኩሉ እንትንኡ ከፊሉን ዘዕቆቦ ነጻነት ኣይብላዕ ኣይስተ ኮይኑ ንርእዮ ኣለና።

ቃልሲ ንወዲ ሰብ ክሳዕ ብሂወት ዘሎ ዝትንክፎን መናብርቱን'ዩ ኣብ ከም ኩነታትና እሞ ካኣ፣ ካብ መጠን ንላዕሊ ንህላዌ መላእ ህዝብን ህላዌ ሃገርን ዝፈታተን ሽግር ብርኡይ ገጢሙና ስለዘሎ  ንሕልና ዘለዎ ኤርትራዊ፣ ካብ ፖለቲካ ወጻኢ ምንባር ፍጹም ዝካኣል ኣይኮነን።

ግን ካኣ ኣብ ጉዕዞ ጎዲኡና ዘሎ ምኽንያታት ኣጽኒዕና ምእራሙ እንተዘይኪኢልናን፣ ህዝቢ ተስፋ ከምብረሉ ዝኽእል ኣካይዳ እንተ ዘይተኸቲልናን እቲ ምድንጓይ ንዝመጽእ ጊዜ'ውን ኣብ ቦትኡ ሃልዩ ቃልስና ቀጻልነቱ ክነውሕ ኢዩ።

ዝኾነ ኮይኑ ቃልስና ኣብ ጉዕዞ ብዙሕ ሕልኽልኻት ስለ ዘጋጥሞ ጌና'ውን ሽግሩን ጉዕዞኡን ምውዳእ ኣብዩ፣ ቀጻሊ ኮይኑ ስለዘሎ  ነቲ ሕልኽልኻት ስዒርካ ንጹር መገዲ ብምሓዝ፣ ነቲ ጉዕዞ ኣብ ምሕጻር፣ ጻዕሪ ከነካይድን ጥዑይ ሜላ ክንድህስስን፣ ዕሩይ ኣካይዳ ክንሕዝን ዘድልየሉ መቐይሮ ዝሓትት እዋን ተበጺሑ ኣሎ፣ ንሱ ካኣ ብመጀመርታ፣ ነቲ ኣብ ዝሓለፍናዮ ጉዕዞ ፣ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ከጋጥመና ዝጸንሔ ኩሉ መሰናኽል ብደቂቕ ኣብ ምጽናዕ ኣቲና ብጥንቃቐ ዝተጸንዔን፣ ኩሉ እወ ኢሉ ብምቕባል ዝኽተሎን ኣካይዳ ምሕሳብን ምሕንጻጽን የድሊ ኣሎ።

ህዝቢ እንታይ ዝመስል ኢዩ፣ እቲ ዝትከል ስርዓት ከለልየሉ ዝኽእል ብዝርድኦ ኣቀራርባ ዝተዳለወን ብግሉጽነት ዝተሰነየ ንጹር ኣገባብ ቃልሲ ምኽታል ይድለ ኣሎ፣ ኣብ ብሕታዊ ወይ ጉጅለኣዊ ጠቕሚ ምርኣይ፣ ነቲ ህዝባዊ ቃልሲ ዓንቃፊ ኢዩ።

ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጉዕዞ ናይቲ ዘካየዶ ብረታዊ ቃልሲ ብዙሕ ተጎዲኡ ኢዩ፣ ኣብ ኤእዋኑ ብናይ ዝተወሰኑ ፍሉይ ድልየታት ዘለዎም ኣካላት ዘጋጠሞን ዘጋጥሞ ዘሎን ሽግራት ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን።

እዚ ኩሉ ግን ነቲ ንኹልኻ ብሰላም ከናብረካ ዝኽእል ሕግታት ተኸቲልካን ጥዑይ መገዲ ሒዝካን ክርከብ ዝኽእል ንኹሉ ህዝቢ ብማዕረ ዘርብሕን ንታሪኽ ዝኸውንን ኣገባብ ምሕደራ፣ ኩሎም እቶም ቃልሲ ዝመርሑ ይኹኑ፣ እቶም ሃገር ንመርሕ ኣለና ዝብሉ ስለ ዝስሓትዎ ወይ ስለ ዘይክእልዎን ዘጋጥመና ዘሎ ሽግር ኢዩ፣ ጌና'ውን ኣይተወደኤን ዘሎ።

ብዝኾነ ሕጂ እቲ ብኸምኡ ዝመጸን ብኽፍኣትን ጭካኔን ዝልለን ብዝዋሓደ ቁጽሪ ዝቖመ ጉጅለ ህግደፍ ንኻብ ኣርባዕተ ሚልዮን ንላዕሊ ዝቍጽርናን ብዙሕ ቅያ ሰሪሕና ባሃልትን ከም ሕሱም ይቕጥቅጠና ስለ ዘሎ፣ ንጹርን ዝተጸንዔን መገዲ ሃሰስ ክንብል ከም ዘለናን ዘድልየናን ናይ ግዲ ኮይኑ ኣሎ።

ንሕና ኤርትራውያን ብዝተጸንዔ ይኹን ብዘይተጸንዔ ከም ህዝቢ ብትሪ ተቓሊስና ኢና፣ ግን ካኣ ኣብ ትሕቲ ኣዘዝቲ እንተዘይ ኮይኑ፣ ባዕልና ንባዕልና ናይ ምምሕዳር ልምዲ ጌና ኣየጥረናን ዘለና፣ እዚ ክሳዕ ክንደይ ጎዲኡና ከም ዘሎ እንተ ዳኣ ፈሊጥና ንምእራሙ ክንቃለስ ግድነት ኢዩ።

ብሓጺሩ ኣካይዳና ብግቡእ ኣሪምናን ንጹር መገዲ ተኸቲልናን ነዚ እነክይዶ ዘለና ሓርነታዊ ቃልሲ ንጹርነት ብዝመልኦ ምስ እንተሓሓዞ ጥራይ ኢና እቲ ዝድለ ዓወት ዝርከብን ጉዕዞ ቃልሲ ካኣ ዝሓጽርን።

ኣብ'ዚ ብኽመይ ዝበለ ንጹር መገዲ ንመራሕን መን ይምራሓናን ዝብላ ሕቶታት ክቕልቀላ ናይ ግድን ኢዩ፣ ምኽንያቱ ኣብ'ዚ ጊዜ እዚ መሪሕ ስኢንና ኣለና ትብል ቃል ካብ ብዙሓት ትስማዕ ኣዘራርባ ኢያ።

እዚ ኣባሃህላ እዚ ክልተ ዓይነት ኣቀራርባ ኢዩ ዘለዎ፣ እቲ ሓደ ትርጉሙ ዓይኒ ነውድቐሉ ፣ ብኽእለት ዝልለ ክመርሓና ዝኽእል  ኣብ ምድላይ ከለና፣ ብቑዕ እምነት ክንበሮ ዝኽእል ሰብ ስኢንና ዘስምዕን ኣብ ብምርጫና ክነምጽኦ ዘለና ሰብ ምድላይ ዝተሞር ኮሰን ስለ ዝኾነ እቲ ኩሉ ዝደልዮ ዘሎን ጽቡቕን ኢዩ።

እቲ ሓደ ካኣ ባዕልና ብዘይ መላኺ ክንካየድ ስለ ዘይንኽእል  ሓደ መሊኹን ስጥ ኣቢሉን ዝገዝኣና ሓያል መራሒ ንዝብል ኣታሓሳስባ ዘንጸባርቕን ምቕጥቃጥ ከም ዘፍትወልና ዝብል ቃና ዘስምዕን ስለዝኾነ ኣሉታውን ዘይቅቡልን ኢዩ፣ ምቕጥቃጥ ስለ ዘይንፈቱ እኮ ኢና ምእንቲ ነጻነት ዘይትኣደነ መስዋእቲ ከፊልና ሃገራዊ ነጻነት ዘዕቆብና።

እዚ ናይ መላኺ እምነት ኣባሃህላ እዚ ካብቶም ኩሉ ጊዜ ንህዝቢ ኤርትራ ብምልኪ ክገዝእዎ ዝሕልኑን ዝትምነዩን ባእታታት ዝብገስ ኮይኑ፣ ንሳቶም ቃልሲ ካብ ዝጅመር ናይ መለኺ ተራ ንምጥራይ ኣብ ንኣታቶም ዘድልዩዎም ምምልማልን፣ ንዘየድል ዩዎም ምቕንጻልን ኣትኪሎም፣ ናይ ስልጣን ቃልሲ ብምክያድ ኣብ ስልጣኖም ምጥጣሕ ጥራይ ተጽሚዶም፣ ህዝቢ ኤርትራ ነጻነት ኣብ ምምጻእ ምስ ጽላኢ ክራባረብ ከሎ ስልጣኖም ኣብ ምጥጣሕ ጸኒሖም ከምዘይሓልፍ ዝቕጥቅጡና ዘለው ኢዮም።

ስለ'ዚ እንታይነቶምን እንታይ ይጎድኡናን ከምዘሎው ብምልላይ ነቒሕናን ጉድለትና ኣሪምናን ንቓልሲ ክንገጥሞ ኣለና፣ ነዚታት እንተዳኣ ኣለሊና ንኽንዕወት ዘሎ ናይ ቃልሲ ጉዕዞ ቀረባ ምዃኑ ክርድኣካ ዝኽእል'ዩ፣ ንዝገጥመካ መሰናኽል ከተለሊ ዘይትኽእል እንተዳኣ ኮንካ ግን ትቃለሰሉ ዘለኻ ዕላማ ውሑስ ኣይኮነን እቲ ጉዕዞ እውን ነዊሕ ኢዩ ክኸውን።

ኩልና ብኽምዚ እንተዳኣ ነቲ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ተረዲእናዮን እቲ ህዝባዊ ዕላማ ብዘይካ ሓላፊ ዘላፍ ብማዕረ ናይ ኩልና ከምዝኸውን እንተጌርናን ግን፣ ቃልስና ብፍትሓውነቱ ዝልለ ኮይኑ ብዝቐልጠፈ ፣ ነቲ ዕላማ ክውን ኣብ ምግባር ዝሕግዝ ተሳትፎ ህዝቢ ምጥራይ ክካኣል ኢዩ።

ምኽንያቱ ንጹር ራኢ ኣብ መላእ ህዝቢ ክሰፍር ክኢሉ እቲ ኣብ ቃልሲ ተጸሚዱ ዘሎ ህዝብን እቲ ካብ ቃልሲ ወጻኢ ኮይኑ ከም ዘይምልከቶ ነቲ ቃልሲ ብጎቦ ዓይኑ ዝርእዮ ዘሎን ሓደ ዓይነት ኣዘራርባን ኣራኣእያን ትጽቢትን ምስሃለዎም ኢዩ እቲ ቃልሲ ኣብቲ ዝልዓለ ናህሪ ዝበጽሕ፣ ሕጂ ግን ሀ- ኣይበለን ዘሎ።

ካብዚ ብምብጋስ እምበኣር ቃልስና ብኽመይ ይንጽር ኣብ ዝብል ክንኣቱ፣ ብዝኾነ እቲ ምስ ኩሉ ጽገማቱን፣ ዝገደፎ ስንብራትን እቲ ዝሓለፈ ሓሊፉ እንድዩ፣ ክምለስ ስለ ዘይኽእል ንገብሮ የብል ናን ፣ እንታይ ዳኣስ ንድሕሪ ሕጂ ንኽይድገም፣ ንዝኾነ ዘጋጥም ጌጋ ብዕቱብ ምርኣይን ብእዋኑ ናይ ምክልኻልን ጥንቃቐ ኣብ ምግባር ጥራይ ኢና ክነድህብ ዘለና።

ህዝብና ካብ ሎሚ ጀሚሩ ክገብሮ ዘለዎ ክንነግሮ እሞ ቃልሱ ክዔውት ግን ብመጀመርያ ንቃለሶ ዘለና ንህዝቢ እምበር ንሓደ ውልቀ ሰብ ዝረብሓሉ ኩነታት ንምፍጣር ከምዘይኮንና ንቃለስ ዘለና ብሓቂን ብዝርድኦ ቛንቛን ክነረድኦ ኣለና፣ እዚ ካኣ እቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ በብእዋኑ ዝኽሰት ፍልልያት ጠጠው ምስ ዝብል ጥራይ ኢዩ፣ ህዝቢ ኣብ ርእሲ ተቓወምቲ እምነት ከንብር ክኢሉ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ክዓስል ዝኽእል።

ህዝቢ በቲ ኣብ ሞንጎ ተቓልስቲ ዝርኤ ፍልልያት ጠርጠራ ኣብ  ተቓለስቲ ኣቐሚጡ ኣሎ፣ ነቲ ዘለዎ ጠርጠራ ክንስዕር ግን ኣብ ቅንዕና ዝተመስረተ ብልሓትን ሜላን ንሕተት ኣለና፣ ንኡ ብብኞዓት መሊስካን ህዝብኻ ኣኪብካን ኢዩ፣ ቃልሲ ጥዑይ ኣንፈት ክሕዝ ዝኽእል።

እምበር ብብረት ዝተሓልፈ ውግእ ሓድሕድ፣ ብናይ ቃላት ውግእ እንተተኪኡ ሰላም ከምጽእን፣ ህዝቢ ከቕስንን ዝኽእል ኣይኮነን ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ንህዝቢ ከፋፊሉ፣ ጠቕሙ ክሕሉ ንዝደሊ ኣካል ተቐቢሉ ኣብ ቃጻሊ ሽግር ምንባር ዝቕበል ኣይኮነን።

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ደማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና
በላይ መስፍን ጀርመን